
# ስተል ወርቂ መንበር ዝረኸበት ቈልዓ

ኣዘንታዊ - መሓመድ መሓመድ ዓሊ



# ምኽሪ ንወለድን መምህራንን

እዚ ተሓቲሙ ቀሪቡ ዘሎ ዛንታታት፡ ናይ ቋንቋ ኣደ ትምህርቲ ንኽምዕብል ዝሕግዙ ጽውጽዋያትን መበቈላዊ ድርሰታትን እዩ።

1. ንቈልዑ ብዘይብርትዕ ቃላት ዝተጻሕፈ
2. ብጉሉሕ ስእልታት ዝተሰነየ
3. ብደረጃታት ዕድመ ዝተፈላለየ - ድማ እዩ።

ናይ ንባብ ክእለትን ፍቕርን ዘነቓቕሕ መሳጢ ዛንታታት ምእንቲ ኪኸውን ከኣ ብወገን ደረስትን ሰኣልትን ብዙሕ ጻዕሪ ተገይሩ።

*ዕስራ ዛንታታት፡*

ነፍስ ወከፍ ዛንታ 2 ወይ 3 ዓንቀጻት ናይ ዋዕላ መሰል ቈልዑ ትሕዝቶን ትርጉምን ዘረድእ ኮይኑ፡ ብመልክዕ ልብ ወለድ ቀሪቡ ኣሎ።

ከም መበገሲ ብሰለስተ ቋንቋታት ኤርትራ ጀሚርና፡ ዓቕምን መሳለጥያን እንተ ተረኺቡ፡ በቲ ዝተረፈ ቋንቋታት ኤርትራ'ውን ክነቕርቦ ተስፋ ንገብር።

ዜጋታት ንሰላም ኣብ ኤርትራ
ፕሮፌሰር ኣስመሮም ለገሰ

## ፍሉይ ምስጋና

ስእሊ (Illustration) - ሙሴ ኣስገዶም

ለይኣውት፡ ግራፊክ ዲዛይን፡ ናይ ገበር ሕብሪ - ላይን ብላታ

ኤዲተራት - ፕሮፌሰር ኣስመሮም ለገሰ
- ተስፋዝጊ ካሕሱ

ኣወሃሃዲ ፕሮጀክት - ዜጋታት ንሰላም ኣብ ኤርትራ (Citizens for Peace in Eritrea)

መዋሊ ፕሮጀክት - ኤውሮጳዊ ሕብረት - ኤርትራ (European Union - Eritrea)

ማሕተም - ኣገልግሎት ማሕተም ሳቡር

# ስተል

## ወርቂ መንበር ዝረኸበት ቈልዓ

### (ጽውጽዋይ)

*ኣዘንታዊ - መሓመድ መሓመድ ዓሊ*

---

ስተል ጓል ሽድሽተ ዓመት ህጻን እያ። ኣቦኣን ኣደኣን ፍቱሓት ስለ ዝኾኑ ምስ ኣደኣ እያ ትነብር። ስተል ኣብ ሑቕፊ ወለዳ ማማ፝ቜ ክትዓቢ ናይ ኩሉ ጊዜ ትምኒታን ድልየታን ነበረ። ክትረኽቦ ግን ኣይከኣለትን። እቲ ምኽንያት ድማ ኣቦኣ ነደኣ ስለ ዝፈትሓ ኣይኮነንዶ ሑቕፊ ወላዲኣ ክትረክብ፡ ገጹ ርእያ ኣይትፈልጦን። ኣደኣውን እንተ ኾነት፡ ዕንጨይቲ ምውፉርን፡ ማይ ምውራድን ኣብ ዝባና ስለ ዝኾነ ምስ ጓላ ትራኸበሉን ተዕልለሉን ዝነበራ ዕድል ሓጺርን ድኻም ዝመልኦን ነበረ። <u>ስተል "ኣቦይ፡" ክትብል ብናፍቖት ትሳቐ ነበረት</u>።

ሓደ መዓልቲ ስተል፡ ኣደኣ ንሩባ ማይ ክትምጽእ ምስ ከደት ንበይና ኣብ ገዛ ተረፈት። እናተጻወተት ከላ ድማ ብማዕዶ ሓደ ሰብኣይ ክሓልፍ ረኣየት።



ስተል ኣቦይ፡” ክትብል ብናፍቖት ትሳቐ ነበረት።

ስተል ነደኣ ኩሉ ጊዜ "ኣቦይ ኣበይ ከይዱ?" ክትብላ እንከላ፡ "ኣቦኺ ኣሎ ክመጽእ እዩ፡" ትብላ ስለ ዝነበረት ሓደ ሰብኣይ ኣቦኣ ኮይኑ ስለ ተሰምዓ፡ ደድሕሪኡ ሰዓበት።

እቲ ሰብኣይ ዓሊ ሸተፍ ይበሃል። ድራር ዕለት ስለ ዝሰኣነ ስራሕ ከናዲ ይኸይድ ነበረ። ስተል ነዚ ሰብኣይ ክተርክብ እናላሀለሀት ነዊሕ መንገዲ ተጓዕዘት። ክተርክቦ ግን ኣይከኣለትን። ካብ ከባቢ ገዛኣ ድማ ብዙሕ ረሓቐት። ኣእጋራ ብእሾኽ እናተወግኣት ድሕሪት ተረፈት፡ ኣዝያ ድማ ደኸመት። መሬት ናብ ምምሳይ ገጹ ስለ ዝኸደ፡ ምስቲ ዝነበራ ድኻም ስለ ዝፈርሀት ኣምሪራ ክትበኪ ጀመረት። ዓሊ ሸተፍ ብኽያታ ሰሚዑ ተመሊሱ ክእብዳ ጀመረ። ካበይ ከም ዝመጸት ድማ ሓተታ። ንሳ ግና ኣበይ ከም ዘላ ክትፈልጥ ስለ ዘይከኣለት መልሲ ከይሃበቶ "ኣቦይ" "ኣቦይ" እናበለት ኣብ ኣእጋሩ ሕልኽልኽ በለት።



እቲ ሰብኣይ ኣቦኣ ኮይኑ ስለ ተሰምዓ፡ ደድሕሪኡ ሰዓበቶ።

እታ ቈልዓ ካብ መጠን ንላዕሊ ስለ ዘደንገጸቶ፣ ተሃዊኹ ከኣ ስለ ዝነበረ፣ "እዋይ! መስኪነይቲ ኣቦኣ ሽፋቱ'ዶ ቀቲሎሞ ይኾኑ? ንሳ ኸኣ ንበይና ተሪፋ፣" ኢሉ፣ ሓፍ ኣቢሉ ሓንጊርዋ መንገዱ ቀጸለ።

ድሕሪ ናይ ክልተ መዓልትን ክልተ ለይትን ጉዕዞ ኣብ ሓንቲ ዕምርቲ ዓዲ በጽሑ። እቶም ደቂ'ቲ ዓዲ እቲ ናይቲ ሰብኣይ ኣከዳድናኡ፣ ድኻሙ፣ እታ ብጥምየት ተጠቒዓ ዝነበረት ሰተል ብሓፈሻዊ ኩነታቶም ምሒር ስለ ዝደንገጹ ጸባን ገዓትን ቀሪብሎም። መግቢ በሊዖም ቁሩብ ምስ ኣዕረፉ፣ እቶም ደቂ ዓዲ ንዓሊ ሽተፍ ካበይ ከም ዝመጸ ሕቶ ኣቕሪብሉ። ዓሊ ሽተፍ፣ "ካብ ቆላ እየ መጺአ፣ ዝበልዖ ስለ ዝሳኣንኩ ስራሕ እደሊ ኣለኹ፣" ኢሉ መለሰሎም።



ሓፍ ኣቢሉ ሓንጊርዋ ብመንኰ ኣግራብ መንገዱ ቀጸለ።

ኣብታ ዓዲ ናይ ስራሕ ቦታ ኣብ እንዳ ንጉስ ጥራይ ይርከብ ስለ ዝነበረ ናብኡ ክኸይድ ሓበርዎ። ዓሊ ሸተፍ ንስተል ሓንጊሩዋ ናብቲ እንዳ ንጉስ ከደ። እቲ ንጉስ ብዙሓት ጊልያታት ነበርዎ። ገለ ጓሶት ከኾኑ እንከለዉ፡ ገሊኦም ከኣ ገዝኡን ወርቂ መምበሩን ይሕልዉ። ገሊኦም ድማ ተቐበልቲ ኣጋይሽ እዮም ዝነበሩ።

ሓደ ካብቶም ተቐበልቲ ኣጋይሽ ንዓሊ ሸተፍን ስተልን ተቐቢሉ ኣብ መቐበሊ ኣጋይሽ ኮፍ ኣበሎም። ዓሊ ሸተፍን ስተልን ምስ ኣዕረፉ፡ ኣብቲ ናይቲ ንጉስ ኣዳራሽ ኣተዉ። እቲ ንጉስ ናብ ስተል እናጠመተ "እንታይ ደሊኻ ናብዚ መጺእካ?" ክብል ንዓሊ ሓተቶ። ዓሊ ሸተፍ "ኣነ ጥሪት የብለይ ማሕረስ የብለይ። ናብራ ስለ ዝበርትዓኒ ስራሕ ክትረኽቡለይ ኢለ ኣብ ቅድመኹም እርከብ፡" በሎም።

እቲ ንጉስ "እዛ ቈልዓኸ?" ኢሉ ደጊሙ ንዓሊ ሸተፍ ሓተቶ። ዓሊ ሸተፍ ሰጋእጋእ እናበለ "ኣብ መንገዲ ረኺበያ፡" ኢሉ መለሰ። እቲ ንጉስ ሓደ ውላድ ጥራይ ስለ ዝነበሮ ካብ ልቡ ተሓጎሰ። ንዓሊ ሸተፍ ድማ "መደብ ስራሕካ ምስ'ዞም ተቐበልቲ ኣጋይሽ እዩ፡" በሎ። ንስተል ድማ ናብ ገዝኡ ወሲዱ፡ እቲ ተሸዲናቶ ዝነበረት ብላይ ክዳን ኣውጺኡ ሓድሽ ክዳን ከደና።


እቲ ንጉስ ምስ ሰበይቱ ንስተል ከም ጓሎም ከዕብይዋን ከምህርዋን ተሰማምዑ። ስተል ሓንጎላን ኣታሓሳስበኣን ፍሉይ ነበረ። ነቶም ምስኣ ዝጻወቱ ዝነበሩ ቈልዑ ትመኽሮም፡ ንዝተባእሱ ቈልዑ ድማ ትዓርቆም ነበረት። ዓሊ ሸተፍ ንስተል ሒዙ ስለ ዝመጸ፡ ኣዛዚ ናይቶም ሰራሕተኛታት ኮነ። ካብ ድኽነት ተናጊፉ፡ ንብረት ክጥሪ ጀመረ። ስተል ከኣ ኣብ ቤት ንጉስ ዓብያ ጎርዞ ጓል ኮነት።



እቲ ንጉስ ናይ ወርቂ መንበር ነበረቶ። ንዝተፈላለዩ ጉዳያት ፍርዲ ክህብ እንተ ኾይኑ ድማ፣ ኣብዛ ናይ ወርቂ መምበሩ ክፍ ኢሉ ይፈርድ። ካብዛ ናይ ወርቂ መምበር እንተ ወሪዱ ግን፣ ክፈርድን ቅኑዕ መንገዲ ክትሕዝን ክእለት ኣይነበሮን።

ሓደ ለይቲ ዋርድያ ድቃስ ስለ ዝወሰዶ እታ መምበር ተሰርቀት። "ክቡር ንጉስ መምበርካ ተሰሪቓ፣" ምስ በልዎ ምሒር ሰምቢዱ ሃለዋቱ ኣጥፊኡ። መምበሩ ኽትርከብ ብዙሕ እኳ እንተ ተበላሓተ ክዕወት ግን ኣይከኣለን። ስተል ኩነታት ናይቲ ንጉስ ምስ ረኣየት "መምበርኩም ኣነ እንተ ደኣ ረኺበልኩም እንታይ ትህቡኒ?" በለቶም። እቲ ንጉስን ሰበይቱን ግን ዘረባ ቈልዓ ኢሎም ኣይተገደሱላን። ንጉስ መምበሩ ንምርካብ፣ ነታ ዓዲ ገዛ ገዛ ብምእታው ፈተሻ። ናይ ወርቂ መምበሩ ግን ሕጂ'ውን ኣይተረኽበትን።

ንጉስ በዚ ዘጋጠሞ ኣዝዩ ስለ ዝጎሃየ ኣብ ዓራት ተደነሰ። ኹሎም ሰራሕተኛታቱ ስጉግ ንበይኑ ተረፈ። ገዝኡ ድማ ብጽምዋ ተባሕተት።



ስተል ሕጂ'ውን ተስፋ ከይቆረጸት "እዛ መምበርኩም ኣነ ክረኽበልኩም ይኽእል እየ፡" በለቶም። እቲ ንጉስ "ሕራይ ኣነስ ተሓሊለ እየ፡ ንሸኪ ነዛ መምበረይ እንተ ደአ ረኺብክያ ንግስቲ ክትኾኒ ኢኺ፡" በላ። ስተል ነቶም ደቂ ዓዲ ኣኪባ ሓደ ዓይነት ንውሓት ዘለወን ኣባትር ኻኩሎም ዓደለቶም። ከምዚ ድማ በለቶም "እዘን ንነፍስ ወከፍኩም ዓዲለኩም ዘለኹ ኣባትር ማዕረ እየን ንውሓተን። እቲ ነዛ ወርቃዊት መምበር ሰሪቑ ዘሎ ሰብ ድማ ጽባሕ በትሩ ካብተን ካልኦት ኣባትር ሓንቲ ስድሪ ነዊሓ ክትጸንሕ

እያ፡" ኢላ ንጽባሒቱ ክምለሱ ቆጸራ ገበረትሎም።


እቲ ነታ መምበር ሰሪቑ ዝነበረ ሰብ ድማ ዘረብኣ ሰሚዑ ኻኽይፍለጥ ኢሉ ካብታ ዝተዋህበቶ በትሪ ሓንቲ ስድሪ ዓቂኑ ቆረጻላ።

ንጽባሒቱ ኣብታ ቆጸርኦም ምስ ተኣከቡ ነተን ኩለን ኣባትር ስተልን እታ ሰይቲ ንጉስን ኣኪበን ክዕቅነኦ ምስ ጀመራ፡ <u>እታ በትሪ ናይቲ ሰራቒ ብሓንቲ ስድሪ ሓጺራ ጸንሓተን። እቲ ሰራቒ "ጠፋእኩ!" ኢሉ ስምቢዱ ክሃድም ምስ ፈተነ ዋርድያታት ኣንጠልጢሎም</u> ናብ ንጉስ ኣቕረብዎ።



ብጥበብ ናይ ስተል እቲ ሰራቒ ክፍለጥ ተኻእለ። እታ ናይ ወርቂ መምበር ድማ ተረኽበት። እቲ ንጉስ ካብ ኣፍ ሞት ተመልሰ። ከም ቀደሙ ድማ ሰራሕተኛታቱ ኣዋፊሩ ስርሑ ጀመረ።

ስተል ንወዲ ንጉስ ተመርዕያ፡ ንግስቲ ኮነት። ንጉስ ከኣ ንህዝቡ ኣኪቡ "ኣምላኽ ዝዓደሎ ልቦና ዓቢ ኣይብል ንእሽቶ፡ ካብ ሕጂ ጀሚርኩም ንደቅኹም ጽን ኢልኩም ስምዑዎም። ኣምላኽ ኣብ ልቦም ዘስፈሮ ምስጢር ምእንቲ ክግለጸሎም ኢሉ ኣወጀ።"





## ሕቶታት

1. ስተል ድድሕሪ'ቲ ሓላፊ መንገዲ ዝኸደትሉ ምኽንያት እንታይ ነይሩ?

2. ዓሊ ሽተፍ ስለምንታይ ንስተል ሓንጊሩዋ ከይዱ?

3. እቲ ንጉስ ንስተል ምስ ርእየ እንታይ ዓይነት ውሳኔ ክወስድ ነይርዎ ትብል?

4. ስተል ነታ ወርቂ መንበር ንጉስ ንምርካብ እንታይ ሜላ ተጠቒማ?

## ኣብዛ ዛንታ ዝተሓቖፉ ዓንቀጻት መሰል ቈልዑ

*ዓንቀጽ 9. ዘይግሎኣኩም እንተ ኾይኑ፡ ምስ ወለድኹም ክትነብሩ መሰል ኣሎኩም።*

*ዓንቀጽ 12. ርእይቶኹም ክትገልጹን ብተገዳስነት ክትሰምዑን መሰል ኣሎኩም።*

© Citizens for Peace in Eritrea, 2007